# ካብ ኢንፍሉዌንዛን ፕኔሞኮከርን ተኸላኸል!

## ዕድሜኻ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ምስ ዝኸውን ወይ ሓደ ውሱን ዝኾነ ሓዳሪ-ሕማም ምስ ዝህልወካ፡ብሰንኪ ኢንፍሉዌንዛን ፕኔሞኮከርን ከቢድ ሕማም ክወርደካ ይኽእል እዩ።በዚ ምኽንያት ክታበት ክትወስድ ንላበወካ።እቲ ክታበት ካብ ክፍሊት ነጻ እዩ።

ቫይረስ ኢንፍሉዌንዛ ብቐጻሊ ዓይነቱ እናቐየረ ዝኸይድ ኮይኑ ኣብ'ዚ እዋን ብዙሓት ዓይነታት ኢንፍሉዌንዛ ኣለዉ።ስለ እዚ እዩ ዓመተ መጸ መከላኸሊ ንኽህልወካ ክታበት ክትወስድ ኣድላዪ ዝኾነ።

ፕኔሞኮከር ዓይነት ባክተርያ ኮይኖም ብዙሕ ግዜ ኣብ ስርዓት ምስትንፋስ ረኽሲ የስዕቡ።ሳሕቲ እዉን ከም ረኽሲ ሓንጎል ኣንቅጽን(መኒንጃይት) ምምራዝ ደምን የስዕቡ እዮም።ሓንሳዕ ጸረ ፕኔሞኮከር ምስ ትኽተብ፡እቲ ክታበት ንብዙሕ ዓመታት መከላኸሊ ይፈጥረልካ።

### ካብ'ዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ሓዲኦም ዝምልከተካ እንተኾይኑ፡ ነዞም ክልተ ክታበታት ክትወስዶም ትምከር፤

- ዝተወለድካሉ ዓ.ም 1957 ወይ ቅድሚኡ ምስ ዝኸውን።
- ሕማም ልቢ ምስ ዝህልወካ።
- ከም ሓዳርን ዓጋትን ሕማም ሳምቡእ(KOL) ወይ ከቢድ ኣዝማ ዝኣመሰሉ ሕማም ሳምቡእ ምስ ዝህልወካ።
- 1ይ ወይ 2ይ ዓይነት ሽኮርያ ምስ ዝህልወካ።
- ብሰንኪ ሕማም ይኹን ብሰንኪ ፍወሳ ዝተዳኸመ ዓቕሚ ምክልኻል ኣካል ምስ ዝህልወካ።
- ሓዳሪ ድኽመት ጸላም ከብዲ ወይ ድኽመት ኩሊት ምስ ዝህልወካ።
- ሚዛንካ ወይ ክብደትካ ምሒር ምስ ዝኸውን።
- ምስትንፋስካ ዝጸሉ ጨዋደ-መትናዊ(ኒውሮ-ማስኩላር) ሕማም ምስ ዝህልወካ።
- ብዙሓት መኽሳእቲ-ኣካላት(ስንክልናታት) ምስ ዝህልዉኻ።

ኣብ ክንክን ጥዕናን ሕክምናን ወይ ኣብ ምእላይ ሽማግለታት(እንዳ ዓበይቲ) ምስ ትሰርሑ፡ ናይ ሓደ መከላኸሊ ዓቕሚ ኣካላቱ ኣዝዩ ዝተዳኸመ ቤተሰብ ምስ ትኾኒ ወይ ካብ 12 ሳምንቲ ንላዕሊ ነፍሰ-ጾር ምስ ትኾኒ፡ ጸረ ኢንፍሉዌንዛ ጥራሕ ክትኽተቢ ትምከሪ።

ጣፍጣፎ(ስፕሊን) ምስ ዘይትህልወካ ወይ ንምስማዕ ትሕግዝ ኣብ ውሽጢ እዝንኻ ኣብ ዘላ ኮክለያ(ሓረውረዊት) ሓጋዚት ምስ ትትከለልካ፡ ክታብት ጸረ ፕኔሞኮከር ክትወስድ ትምከር።

### ክታበት ንምውሳድ ቈጸራ ሓዚ

ብኢንተርነት ኣብ ማእከል ክንክን-ጥዕና ወይ መደበር ክታበት ኣቲኻ ቈጸራ ክትሕዝ ትኽእል።ቈጸራ ንምሓዝ ኣብ 1177.se ኣቲኻ ሎግ-ኢን ምግባር ኣየድልን እንታይ ደኣ ብዘይ ሎግ-ኢን ኣብ ንቡር መካነ-መርበብ (ዌብሳይት) ኣቲኻ ግዜ ክትሕዝ ትኽእል። ናይ'ዞም ኩሎም መደበራት ክታበት ሊንክ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተዘርዚሮም ኣለዉኻ፤ 1177.se/sormland/influensavaccin። ብኢንተርነት ቈጸራ ክትሕዝ ምስ ዘይትኽእል ብቝጽሪ ተሌፎን 016-10 40 44 ደዊልካ ሓገዝ ክትሓትት ትኽእል።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ 1177.se ኣቲኻ ንበብ።

1177

Region Sörmland